# ዘምሩላ መዝሙር ሕድሪ :

ዘምሩላ መዝሙር ሕድሪ : ድምጽኹም ይራባሕ !
ካብ ጻት ናብጻት : መቓልሕኩም ይሰማዕ
ጽኑዓት ኣብ መትከል ሓይልኹም ዘይብዳህ
ንዓኹም ክሕሸኩም : ብዘይ ሰጋእ-መጋእ :

ዘምሩላ ! ነዛ ሃገር ሓርበኛ
በረኸታ እንድ'ዩ : ዝዳረግ ንሰማያተ ማና
ሸሻያ ዝተደኮነ : ከም'ቲ ሰዊት ገደና
ሕልፊ ኣኽል ታርፍ : ንኹሎም ደቃ :

እዛ ኤርትራና : ናይ ኩለን ወረኛ
ብባዴላ ሕሰም : ጸላእታ ጸራሪጋ
ንኽትህሉ'ዶ ኣይኮነን ጀጋኑ ተቐሊባ
መድሃኒታ በሓቂ : ተወሊዱ ካብ ከብዳ
ፈዳይ ሕነ : ሰባር መንጉዳ :

ህዝባ እንድዩ : ድባብ ናይ ክብራ
ንብድሆ ዝገጥም : ተንሲኡ ብሓበራ
ብኣዕጽምቱ ዝሓጸር : መሬታ ይኹን ባሕራ
ኣየ'ወ እዛ ኤርትራና : ክንደይ ኮን ትዓዲላ
ህዝቢ ትውንን : ሕልፊ ኣህዛብ ዝሃልኽ :

ሓቦ ተቖኒቱ : ንሕሰም ዝመልኽ
እዚ ጐይታ ሰነድ : እዚ ጐይታ ታሪኽ
ብዘይብኡ : ወላ መሬት ኣይብራህ :

ዕሰሉዋ ! ከም ንግስቲ ንህቢ
ዘሙሩላ ! ብመዝሙረ ልቢ
ክደንዋ ክትማሙቕ : ሰሉም ቅጭን ጋቢ
ቃና መቓልሕኩም : ኣብ ዙርያኣ ይዘንቢ
መን'ዶ ኣሎ'ዩ ከም'ኣ : ፍጥረቱ ዘለሊ
ምረት ተሰኪማ : ንኣደራዕ እተብሊ
መሰስ ዝበለት : ሰይራ ኣርዑት መግዛእቲ
መሪሕ መሰናኽል : ከም መርፍእ ንፈትሊ
ንድኑ ሞት ትግጥም : መስተርሆት ክትደሊ :

ህዝባ እንድ'ዩ ናታ : ሕሉባን ንጹፋን
ማሕላኣ ብእኡ : ንኣልፋን ኣመጋን
ስለኣ ዝደሚ : ኣብ ኩናትን ሰልፍን
ብርኩ ዝይዓጽፍ : ንገደልን ኣጻድፍን :

ሓቂ ዝቐናቱ : ኒሕን ኣርኣያን
ነብሱ ዝሃንጽ : ብሞያን ጥበብን
ረቲዑ እንድዩ : ኣብ መኃተን ቤት/ፍርድን
ብጋለዶ ዝገልህ : ንጸበባን ጭንቅን
ንኩናት ዝገጥም : ብፍሽኽታን ሰሓቕን :

ዘሙሩላ ! ከመይ ዘይትዝሙሩላ !
ድምጽኹም ይራባሕ : ከም ነጎዳ የንደቕድቕ
ገናሒ ዓውታኹም : ንጸላእቲ ዘርዝዝ
ንዓኹም ሒዛ እንድያ : ትነብራ ንጽባሕ :

ዓይንኹም ከፊትኩም : እስከ ተዓዘቡ
ጸርጊ ብርሃና : ኣብ ፊትኩም ዓሊቡ
መስመስ እናበለ : ከም ጸሓይ ሰሪቡ
ድንግል መሬታ : ማዕድን ተሓሊቡ
ዘምሩላ እምበር : ክሳብ ትርብርቡ :

ዘይድፈር ህልውንኣ : ንጅጋኑ ተዕቊብ
ሂወት ተቐሊባ : መመሊሳ ትዕምብብ
ወራሲት ሓርበኛነት : ክብርታትና ትዕቅብ
መንደሎ'ዩ ከም'ኣ : ዝተዓደለ ናይ ታሪኽ መኸሰብ :

ቦኽሪ ዓይንኹም እንድያ : ናይ ትርኢትኩም ኣወል
ዓይንኹም ብኽድኑ'ኳ : ምስላ ዘይኸወል
መቓልሕ ልሳንኩም : ብዓውታ ይደወል
ሰዉእ ክቕሰን : ኣባያ ትኾምቲሩ ክደሃል :

ድምጽኹም ! ይሰማዕ ብዓውታ
ጸናጽል መኸተ : ሃገራዊ እምብልታ
ትስመዓዮ ዓለም : ኩላ ብምልእታ
ንሳእያ ውርሻኹም : ዘይብላ ኢንታ
ሓቂ' ዝሕዛባ : ዓለም ክትሓስብ ማንታ ማንታ :

እምበር ! ንሳ ድኣ ንዓኹም ሒዛ
ኣጽኒዓቶ እንድያ : ምልኣተ ፍጥረታ
ሞባእ ከፊላ : ንፍቱዋት ደቃ
ኣረጋጊጸቶ'ያ ኣብ ዓለም ! ህላውነታ
ወይልኡ ዝትንክፍ : ንክብሪታታ :

መኸተ ክሳብ ምሉእ ራህዋ !

ዘልኣለማዊ ሞጎስን ክብርን ንጅጋኑ ሰማኣታትና :

ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፉኣለም : 10.04.2016 ፍራንክፈርት